## ትንተና ቋንቋ




ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ ንትንታነ ቋንቋ ዓዲሚካ ኣሎ።

ዕላማ ትንታነ ቋንቋ ካብቲ ትሕብሮ ዘለኻ ዘባ ምዃንካ ንምርግጋጽ እዩ።

ኣብቲ ኣኼባ ሓደ ሰራሕተኛ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ ንኣስታት 20 ደቓይቕ መደረኻ ክምዝግቦ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ኣብዚ ኣኼባ ተርጓሚ ኣይርከብን እዩ።

## ኣከያዪዳ እቲ ኣኼባ ከምዚ እዩ፤

1. ሓደ ሰራሕተኛ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ምቕዳሕ መደረኻ መዓስ ከም ዝጅምር ክሕብረካ እዩ። ኣብ እዋን ምቕራጽ ሰራሕተኛ ክዛረብ ኣይክእልን እዩ።

2. ብዛዕባ ሓደ ትፈልጦ ኣርእስቲ ንኣስታት 20 ደቓይቕ ብዓው ዝበለ ድምጺ ተዛረብ። ብዛዕባ እንታይ ክትዛረብ ከም እትደሊ ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ጽቡቓት ኣርእስታት ንኣብነት ከም ኲነታት ኣየር፡ ተፈጥሮ፡ መግቢ፡ ስፖርት፡ ሙዚቃን ፊልምታትን። ኣብቲ ዘለኻዮ ክፍሊ ክትገልጾ ወይ ብዛዕባ ኣብ ፊንላንድ እትነብረሉ ልሙድ መዓልቲ ክትነግር እውን ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ፊንላንድ እትፈልጦም ነገራት እውን ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

- ዝኾነ ውልቃዊ ሓበሬታ፡ ከም ስምካ ወይ ኣስማት ኣባላት ስድራቤትካ፡ ወይ ካልእ ንዓኻ ወይ ንኣባላት ስድራቤትካ ከለልየካ ዝኽእል ሓበሬታ ኣይትሃብ። ከምኡ'ውን ምኽንያት ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ኣይትሃብ።
- ብዛዕባ ሓደ ኣርእስቲ ጥራይ ክትዛረብ ናይ ግድን ኣይኮነን እዩ፣ እንተደሊኻ ኣብ እዋን ምቕራጽ ኣርእስቲ ክትቅይሮ ትኽእል ኢኻ። እቲ ቀንዲ ነገር ኣብ ምሉእ እቲ ቅዳሕ ክትዛረብ እዩ።

3. ሓደ ሰራሕተኛ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን እቲ ቅዳሕ ምስተወድአ ከፍልጠካ እዩ፣ ድሕሪኡ ምዝራብካ ደው ከተብሎ ትኽእል።

Maahanmuuttovirasto
Migrationsverket
Finnish Immigration Service

## ድሕሪ ትንተና ቋንቋ እንታይ ይኸውን፧

ድሕሪ እቲ ኣኼባ፡ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ ነቲ ቅዳሕ ናብ ሓደ ክኢላ ክሰዶ እዩ፡ ንሱ ድማ መደረኻ ክትንትን እዩ። ድሕሪኡ ውጽኢት ትንተና ቋንቋ ብጽሑፍ ናብ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ ክቐርብ እዩ።

ውጽኢት ትንተና ቋንቋ ምስቲ ኣቕዲምካ ብዛዕባ መንበሪ ቦታኻ ዝበልካዮ ዝጋጮ እንተኾይኑ፡ ኣገልግሎት ኢሚግሬሽን ፊንላንድ ወይ ብኣፍ (ብቃል) ወይ ብጽሑፍ መግለጺኻ ክሰምዓካ እዩ። ኣብ እዋን መስርሕ ፍርዲ፡ ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ናይ ገዛእ ርእስኻ መብርሂ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ።

ውጽኢት ትንተና ቋንቋ ምስቲ ኣቕዲምካ ዝነገርካና ዘይጋጮ እንተኾይኑ ብዛዕባ ውጽኢት እቲ ትንተና በበይኑ ኣይንገረካን እዩ። ውጽኢት ትንተና ቋንቋ ኣብቲ ዝምልከተካ ውሳነ ክትሪኦ ኢኻ።